Eri-Justice

**17/06/2022**

# እዋናዊ መግለጺ፣ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ገዛኢ ስርዓት፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ሰሙናት ኣልማማ ናይ ዜጋታት ምእሳር ስጉምቲ ወሲዱ። ከምዚ ዓይነት ጨካን ኣተሓሕዛ ዘይልሙድ ተግባር ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ እሱራት ዝተፈጸመ ግፍዕን ስቅያትት ኣሰካሕካሒ ምንባሩ ምንጭታት ሓቢሮም። ኣብ መወዳእታ ሰሙን ናይ ወርሒ ግንቦትን መጀመርታ ሰሙን ወርሒ ሰነን ጥራይ 153 ነጋዶን ገዳይም ተጋደልቲ ነበርን ካብ መንበሪ ኣባይቶምን ናይ ስራሕ ቦታኦምን ተወሲዶም፡ ብጽኑዕ ሓለዋ ናይ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ኣስመራ ፎሮብያን ቀዳማይ መደበር ፖሊስን ተሓይሮም ይርከቡ። መዓልታዊ ብማህረምቲ ዝተሰነየ፡ ጭካነ ዝመልአ ኣሰቃቕን ኢሰብኣውን መርመራታት ይካየደሎም ምህላዉ ክረጋገጽ ክኢሉ ኣሎ ። ምናልባት ከም ገለ ዕድል ረኺቦም፡ ካብዚ ኣትየምሉ ዘለዉ ጸበባ ክወጹ እንተ ክኢሎም፡ ብምኽንያት እዚ ዘወርዶም ዘሎ ዘሰካሕክሕ ስቅያት፡ ሕጽረት መግብን መድሃኒትን ንሓዋሩ ሕዱር ሳዕቤን ከም ዘኸትለሎም ካብ ሕሉፍ ተመሳሳሊ ፍጻመታት ክፍለጥ ይከኣል።

ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ወግዓዊ ክሲ ናብ ኣብያተ ፍርዲ ኣይቀረበሎምን፡ ምስ ስድራቤቶም ንኽራኸቡ`ውን ኣይተፈቕደሎም ዘሎ። ከምዚ ዓይነት ኣተሓሕዛ በቲ ስርዓት ዝተለምደ ነገር እዩ። ንግዳያት ዝምርምሩ ብቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት ሽዱሽተ ዝኣባላታ ጉጅለ ቀይሞም ኣለዉ። ካብ መንጎ እቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ጃዕፈር መሓመድ ኢብራሂም ዝተባህለ ነጋዳይ ተቐማጢ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምኽንያት ዝወረዶ ማህረምቲ ብኸቢድ ስለ ዝተሃሰየ ኣብ ሆስፒታን ክፍሊ ውጹዓት ይርከብ።

ተወሳኺ ካልኦት ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ፡ ኣቶ ያሲን ዑመርን ኣቶ ዓብዱላህ ሳልሕን ዝተባህሉ ሰለስተ ነጋዶ፡ ቅድም ሰራሕተኛታት 09 ቀይሕ ባሕሪ ዝተባህለ ናይ ንግዲ ካምፓኒ ዝነበሩ፡ ብሓለዋ ዶብ እቲ ስርዓት ካብ ሱዳን ከተማ ከሰላ ተጨውዮም ኣብ ተሰነይ ተኣሲሮም ይምርመሩ ኣለዉ።

እቶም ተጠቒሶም ዘለዉ ቍጽሪ እሱራት፥ 59 ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ 9 ካብ ዞባ ዓንሰባ (ከረን)፡ 65 ካብ ዞባ ማእከል፡ 9 ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ 8 ካብ ዞባ ደቡብ፡ 3 ካብ ከተማ ከሰላ ሱዳን ዝተጨውዩ እዮም።

ዝርዝር ኣስማት ናይ ገለ ካብቶም ኣብ ኣስመራ፡ ተሰነይን ባረንቱን ተኣሲሮም ዘለዉ እዚ ዝስዕብ እዩ።

ተ. ቍ ምሉእ ስም ዕለተ ማእሰርቲ ቦታ ማእሰርቲ ኣድራሻ

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ሃብተኣብ ተወልደመድህን | 27/05/2022 | ፎሮብያ | ማእከል ከተማ ኣስመራ |
| 2 | ዑቕባይ መሓሪ | 27/05/2022 | ፎሮብያ | ማይጨሆት ኣስመራ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 3 | ኣለምሰገድ ገብረኪዳን | 27/05/2022 | 1ይ መደበር ፖሊስ | ትራሽሎ ኣስመራ |
| 4 | ካሕሳይ ገብረኣምላኽ | 28/05/2022 | 1ይ መደበር ፖሊስ | እንዳ ኮርያ ኣስመራ |
| 5 | ጃዕፈር መሓመድ ኢብራሂም | 02/06/2022 | ባረንቱ | ንኡስ ዞባ ተሰነይ |
| 6 | ገብረኣብ ተስፋማርያም | 02/06/2022 | ባረንቱ | ንኡስ ዞባ ተሰነይ |
| 7 | ዓብዱላህ መሓመድ ዓሊ | 02/06/2022 | ባረንቱ | ንኡስ ዞባ ተሰነይ |
| 8 | ሓመድ ዓሊ ሮሞዳን | 03/06/2022 | ባረንቱ | ንኡስ ዞባ ጐልጅ |
| 9 | ኮለነል ጸጋይ ሃይለ | 02/06/2022 | ተሰነይ | ንኡስ ዞባ ጐልጅ |
| 10 | ኮለነል ኪዳነ ተኽለብርሃን | 02/06/2022 | ባረንቱ | ንኡስ ዞባ ከረን |

ዝርዝር ኣስማት ናይቶም ብቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት ዝተመዘዙ መርመርቲ

| ምሉእ ስም | ወታሃደራዊ መዓርግ | ኣሃዱ |
|---|---|---|
| ተስፋልደት ሃብተስላሰ | ኮለነል | ቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት |
| ኣማንኤል ጸሃየ | ኮለነል | ቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት ኣገልግሎት ስለያ |
| ያሲን መሓመድቃድር | ኮለነል | ቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት ኣገልግሎት ስለያ |
| ኻልድ ዓብደልራሕማን | ካፒተን | ገበን መርመራ ፖሊስ |
| ጸጋይ መሓሪ | ካፒተን | ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ |
| ዮናታን ገብረኣብ | ሰርጀንተ | ክፍሊ ኮምፕተር ተክኖሎጂ |

ጨንፈር ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ኤርትራ ነዚ ዘይተነግረሉ ኣሰቃቒ ተግባር፡ ኣውያቱ ናብ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራን ማሕበረሰብ ዓለምን የመሓላልፍ። ናብ ከምዚኦም ዓይነት ደሓን ንግዳዊ ንጥፈታት ዘካይዱ ሰባትን ኣባላት ስለያኡን ዘተኩረ ናይ ኣልማማ ማእሰርቲ ኣብ ባረንቱን ተሰነይን ከካይድ ልሙድ ኣይኮነን። ሰፊሕ ዝርገሐ ዘለዎን ዝቐጽልን ስለ ዝመስል ማሕበረሰብ ዓለም ኣትሪሩ ክኹንኖ ንምሕጸን።